ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ
ደብረ ሰላም መድሓኔዓለም ቤተክርስትያን
ኣምስተልፌን- ኣምስተልላንድ
ሆላንድ።

**St. Eritrean Orthodox Tewahdo**
**Medhanie Alem Kerk**
**Amstelveen-Amstelland Holland.**

20 ሚያዝያ 2015 ግዕዝ
28 **April 2023**
**ደ/ሰ/መ/ኣ/ኣ2015-392**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

ጉዳይ፥ እዋናዊ ሓበሬታ/መግለጺ ሰበኻ ጉባኤ ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣

ናብ ዝኸበርኩም ምእመናንን ምእመናትን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣

ኣቐዲምና መንፈሳዊ ሰላምታና ነቕርበልኩም። ኣብ ህይወትኩም ሰላምን ጥዕናን ኣብ ሥራሓትኩም ከኣ ግስጋሰ ንምነየልኩም።

ብምቕጻል ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ ኣብ ትሕቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ኤርትራ እትካየድ ቤተክርስትያን ከም ምዃና መጠን፣ ኣገልግሎታ ንህዝቢ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ብሕጊን ሥርዓትን ቅድስቲ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ንዓመታት ከተካይድ ዝጸንሐት፣ ዘላን እትቕጽልን ዕላዊትን ወግዓዊትን ዝኾነት ኦርቶዶክሳዊት መንፈሳዊት ትካል ኢያ።

እቶም ኣንጻር ቤተክርስትያንና ዝንቀሳቐሱ ኣካላት፣ መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ክገብሩዎ ዝጸንሑ ዘይቅርዕዊን ዘይመንፈሳዊን ዝኾነ ኣሉታዊ ጉስጓሳቶምን ምንቅስቓሳቶምን፣ ኣብ ዝሓለፈ ጊዝያትን፣ ኣብ'ዚ እዋን እዚን የካይዱዎ ኣለዉ። ካብ'ቲ ዘካይዱዎ ዘለዉ ሕማቕ ሥራሓቶም ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ንኣባላት ቤተክርስትያንና ንምድንጋር ዝዓለመ፣ ኣድራሻ፣ ባንኪ ሕሳብ ናይ ቤተክርስትያን ተቐይሩ ኢዩ፣ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ተዓጽዩ ኢዩ፣...ወዘተረፈ ዝብሉን ካልኦት መደናገሪ መልእኽቲታትን ብጽሑፍ ይዝርግሑን፣ እንዳደወሉ'ውን ንኣባላት ቤተክርስትያንና ደብረሰላም መድሓኔዓለም ከደናግሩዎም ብጻዕቂ ይሠርሕሉ ኣለዉ።

ኣባላት እዛ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ እምባኣር፣ ነቶም ንዝተፈላለየ ዕላማኦም ከወቕዑ ብጉጅለ መልክዕ ይኹን ብውልቂ ዝንቀሳቐሱ፣ ዝጉስጉሱን ክሳብ ገዛ ገዛ እውን ዝዘሩን፣ ዘይኩነ ሓበሬታ ሂቦም ከታልልኹም ዝፍትኑ ክትጥንቀቑሎም ከነገንዝበኩምን ከነፍልጠኩምን ንደሊ።

ነቲ ኣብ ርእሲ ቤተክርስትያን ደብረሰላም መድሓኔዓለም ክካየድ ዝጸንሐ በደላት ኣመልኪትና በብጊዜኡ፣ ፍትሒ ክንረክብ ብእግቤታ ናብ ቤ/ጽ/ቅ/ ሲኖዶስ ኤርትራ ልኢኽና ስለ ዘሎና፣ ንጉዳይና መፍትሒ ክገብሩሉ ክመጹና'ውን ብምሉእ ተስፋ እንዳ ተጸበና ኢና።።

መተሓሳሰቢ፥

1- ደብረሰላም መድሓኔዓለም ኣምስተልፌን-ኣምስተልላንድ፣ ከም'ቲ ልሙድ ሰሙናዊ ኣገልግሎታ ቀዳም ቀዳም ከም እተካይድ ዝገልጽ ሰንጠረዥ ዳግም ብለጠፍ ንልእከልኩም ኣሎና።
2- ኣብ'ዚ ቀረባ ጊዜ ብዛዕባ ምዕባለታት ቤተክርስትያንና ኣመልኪትና፣ ዘሎና ኣገዳሲ መደባት ክንሕብረኩም ኢና።

ምስ መንፈሳዊ ሰላምታ

እግዚኣብሔር ኣምላኽና ሃገርና ኤርትራን ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቅድስቲ ቤተክርስትያንናን ይባርኸልናን ይዓቅበልናን።

*ሰበኻ ጉባኤ ደ/ሰላም መ/ዓለም / Het Kerkelijk bestuur van Debreselam Medhanie Alem* Email: debreselammedhaniealem@gmail.com; Website: www.debreselam-medhaniealem.com
**Amstelveenseweg-965, 1081JG Amsterdam Nederland**